# ናይ ሓበሬታ መጽሓፍ ንተማሃሮ ISK

ዕለት፡ መስከረም 2025

Dr Nassau College
De schakel tot succes!





www.nassaucollege.nl

Dr Nassau College
De schakel tot succes!

# ትሕዝቶ


1. መሰጋገሪ ናብ ዓወት! 4

2. መወከሲ ሓበሬታታት 4

3. ጉጅለ 5

4. ዕረፍቲን ነጻ መዓልታትን 5

5. ጸብጻብ 5

6. ምርሒት 5

7. ተክኖሎጂ ሓበሬታን ርክብን [ICT] 6

8. ክፍላተ-ትምህርቲ 6

9. ሰሌዳ-ግዜ 6

10. ሕማም 7

11. ደንጉኻ ምምጻእ 7

12. ካብ ክፍሊ ምስጓግ 7

13. ፍቓድ ብኩራት ምሕታት 7

14. ግዴታ ትምህርቲ 7

15. ዕረፍቲ 8

16. መዓልታዊ ናብ ቤት-ትምህርቲ እትማልኦም ነገራት 8

17. ሕጋጋት ቤት-ትምህርቲ 8

18. ወርቃዊ ሕጊ 8

ጥብቆ 9

## 1. መሰጋገሪ ናብ ዓወት!

ናብ ኣህጉራዊ መሰጋገሪ ክፍሊ (ኢ.ኤስ.ካ ISK) ናይ ዶር. ናሳው ኮሌጅ (እንደገና) እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም። ጉጅለ ኢ.ኤስ.ካ፣ ናይ ቋንቋ ኔዘርላንድ ብቕዓትኩም ንኸተመሓይሹን፣ ምሳና ጽቡቕ ናይ ትምህርቲ ግዜ ንኸትሕልፉን ምእምቲ ንኽሕግዘኩም ድሉው ኣሎ።
ኣብዛ ንእሽቶይ መጽሓፍ ድማ ብዛዕባ ኣካይዳ ጉዳያት ኣብ ኢ.ኤስ.ካ ሓበሬታ ክትረኽቡ ኢኹም። ስለዚ ጽቡቕ ገይርኩም ኣንብብዎ። እዛ ንእሽቶይ መጽሓፍ ተማሃሮ ኣብ መርበብ-ሓበሬታና https://www.dr.nassaucollege.nl/isk/home ክትረኽብዋ እውን ትኽእሉ ኢኹም።

ኣብ ኢ.ኤስ.ካ መሃርን ደስ ዝብልን ግዜ ንኸትሕልፉ ድማ ንምነየልኩም!

ጉጅለ ኢ.ኤስ.ካ

ብዛዕባ ኢ.ኤስ.ካ ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ፣ ውጥን ቤት-ትምህርትና፣ ከምኡ እውን መምርሒ ቤት-ትምህርትና ኣብ መርበብ-ሓበሬታና https://www.dr.nassaucollege.nl/isk/home ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

## 2. መወከሲ ሓበሬታታት

ኢ.ኤስ.ካ መዓልታዊ ካብ ሰዓት 08፡00 ክሳብ ሰዓት 16፡30 ክፉት እዩ።

| | |
|---|---|
| ኣድራሻ፡ | Noorderstaete 28 |
| | 9402 XB Assen |
| ተሌፎን፡ | (0592) 333 176 |
| ኢ-መይል፡ | isk-assen@dr.nassaucollege.nl |
| መርበብ-ሓበሬታ፡ | https://www.dr.nassaucollege.nl/isk/home |

**ጨንፈር፡**
Merwedestraat 16
9406 RM Assen
(0592) 333 176

## 3. ጉጅለ

| | | |
|---|---|---|
| ዳይረክተር | ወይዘሮ ዝቪርስ [K. Zwiers] | zwk@dr.nassaucollege.nl |
| መራሕቲ ጨናፍር | ወይዘሮ ማየር [J. Meijer] | meja@dr.nassaucollege.nl |
| | ወይዘሮ ሃርትሆልት [S. Hartholt] | htt@dr.nassaucollege.nl |
| | ወይዘሮ ቫን ዳይክ [M. van Dijk] | dijm@dr.nassaucollege.nl |
| ኣመሓዳሪት ቤት-ጽሕፈት | ወይዘሮ ፓርዳይስ [K. Pardijs] | pdk@dr.nassaucollege.nl |
| ኣወሃሃዲት ደገፍ | ወይዘሮ ካውት [S. Kuijt | kub@dr.nassaucollege.nl |
| ኣወሃሃዲት ጉዳያት ተማሃሮ | ወይዘሮ ኽሮት ሃውስ [W. Groothuis] | gwj@dr.nassaucollege.nl |
| መሓበሪ ክፍሊ Merwedestraat | ወይዘሮ ኣል ሳራጅ [M. Al Saraj] | asm@dr.nassaucollege.nl |
| መሓበሪ ክፍሊ Noorderstaete | ወይዘሮ ትሮሺና [V. Troschina] | tva@dr.nassaucollege.nl |
| ICT | ኣቶ ኹነ [R. Goené] | gor@dr.nassaucollege.nl |

## 4. ዕረፍቲን ነጻ መዓልታትን

ዕረፍቲን ነጻ መዓልታትን ኣብ መርበብ-ሓበሬታ ናይቲ ቤት-ትምህርቲ ተዘርዚሩ ኣሎ።

## 5. ጸብጻብ

ኣብ መወዳእታ ናይ ነፍስወከፍ እዋን ጸብጻብ ክትቕበል ኢኻ። ንነፍስወከፍ ዓውደ-ትምህርቲ ዝምልከት ነጥቢን፣ ከምኡ እውን ናይ ተወፋይነትካ ገምጋምን፣ ርድኢትን ኣፈጻጽማ ዕማማትን ክትቕበል ኢኻ። ብተወሳኺ እቲ ጸብጻብ፣ ኣብ ስራሕካ ናይ ዘለካ ኣረኣእያን ጠባይካን ገምጋም፣ ከምኡ እውን ውጽኢት ናይ ግስጋሰ ፈተናታትን ዘጠቓልል እዩ።

## 6. ምርሒት

ሕቶ ወይ ጸገም ምስ ዝህልወካ መጀመርታ ናብ ሜንቶርካ ትኸይድ።
ተወሳኺ ውልቃዊ ደገፍ እንተድኣ ትደልይ ኮይካ እውን፣ ንሓደ ካብዞም ዝስዕቡ ሰባት ክትውከስ ትኽእል ኢኻ፡

- ኣወሃሃዲት ጉዳያት ተማሃሮ — ወይዘሮ ኽሮት ሃውስ [W. Groothuis kub@dr.nassaucollege.nl
- ዳይረክተር — ወይዘሮ ዝቪርስ [K. Zwiers zwk@dr.nassaucollege.nl
- ምስጢራዊ ኣማኻሪ — ቤት-ጽሕፈት ምስጢራዊ ኣማኻሪ፣ ኣቶ ቪበንስ [J. Wibbens] algemeen@hetvtb.nl ተሌፎን፡ 085-1055055
- ሓኪም ቆልዑት — ወይዘሮ ማየር [I. Meijer]
- ማሕበራዊ ሰራሕተኛ — **www.vaartwelzijn.nl**

# 7. ተክኖሎጂ ሓበሬታን ርክብን [ICT]

ናይ ገዛእ-ርእስኻ ቁጽሪ ተማሃራይን፣ ባዕልኻ ዝመረጽካዮ ፓስዎርድን ተጠቒምካ ናብ ናይ ቤት-ትምህርቲ ስርዓት ክትኣቱው ትኽእል ኢኻ።

## 7.1 Somtoday

ሰሌዳ-ግዜን ካልእ ሓበሬታን ብመንገዲ Somtoday http://nassau.somtoday.nl ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ብተወሳኺ "Somtoday Mobiel" ኣፕ ክትጥቀም እውን ትኽእል ኢኻ።

## 7.2 መርበብ-ኣልቦ ኢንተርነት [Wifi]

ኣብ ኢ.ኤስ.ካ ንተማሃሮ ዝኸውን ነጻ መርበብ-ኣልቦ ኢንተርነት [Wifi] ኣሎ። ናይ "DNC" መርበብ ክትጥቀም ትኽእል ኢኻ። ብምቕጻል ናትካ ቁጽሪ ተማሃራይን ፓስዎርድኻን ተጠቂምካ ክትኣቱው ትኽእል ኢኻ። ንመርበብ-ኣልቦ ኢንተርነት [Wifi] ዝምልከቱ ሕቶታት ምስ ዝህልዉኻ፣ ንሰራሕተኛ ተክኖሎጂ ሓበሬታን ርክብን [ICT] ክትውክስ ትኽእል ኢኻ።

# 8. ክፍላተ-ትምህርቲ

**ሰዓታት ትምህርቲ**

| | |
|---|---|
| 1ይ ክፍለ-ግዜ | ሰዓት 08:30 - 09:15 |
| 2ይ ክፍለ-ግዜ | ሰዓት 09:15 - 10:00 |
| 3ይ ክፍለ-ግዜ | ሰዓት 10:00 - 10:45 |
| **ዕረፍቲ** | **ሰዓት 10:45 - 11:05** |
| 4ይ ክፍለ-ግዜ | ሰዓት 11:05 - 11:50 |
| 5ይ ክፍለ-ግዜ | ሰዓት 11:50 - 12:35 |
| **ዕረፍቲ** | **ሰዓት 12:35 - 13:00** |
| 6ይ ክፍለ-ግዜ | ሰዓት 13:00 - 13:45 |
| 7ይ ክፍለ-ግዜ | ሰዓት 13:45 - 14:30 |
| 8ይ ክፍለ-ግዜ | ሰዓት 14:30 - 15:15 |
| 9ይ ክፍለ-ግዜ | ሰዓት 15:15 - 16:00 |

# 9. ሰሌዳ-ግዜ

ነፍስወከፍ ክፍሊ ናይ ገዛእ-ርእሱ ሰሌዳ-ግዜ ኣለዎ።
ሓደ መምህር እንተድኣ ዘይሃልዩ፣ ሓደ ሓደ ግዜ ብኻልእ መምህር ወይ ብሓጋዚ መምህር ክትምሃር ኢኻ።
**ብግቡእ ኣስተውዕል፡** ሓደ ሓደ ግዜ ግን እቲ ክፍለ-ግዜ ይስረዝ እዩ፣ ወይ እቲ ሰዓት ናብ ካልእ ግዜ ይመሓላለፍ።
**ዝኾነ ናይ ሰሌዳ-ግዜ ለውጢታት ዘለካ ምኽኑን ዘይምኽኑን ንምርኣይ ነቲ ሰሌዳ-ግዜ መዓልታዊ ረኣዮ!**

## 10. ሕማም

እንተድኣ ሓሚምካ፣ ወለድኻ/ኣለይትኻ ናብ ቤት-ትምህርቲ ደዊሎም ብዛዕብኡ ክሕብሩ ኣለዎም። እዚ ናብ መሓበሪ ክፍሊ ናብ ቑጽሪ ተሌፎንና 06-182 91 774 (Merwedestraat)፣ ከምኡ እውን 06-216 08 294 (Noorderstaete) ብምድዋል ክግበር ይከኣል።

ወለድኻ/ኣለይትኻ ናይ ዋትስኣፕ [WhatsApp] መልእኽቲ እውን ክሰዱ ይኽእሉ እዮም። ኣብ እዋን ትምህርቲ እንተድኣ ሓሚምካ እውን ምሕማምካ ናብ መሓበሪ ክፍሊ ትሕብር። እዚ ድማ ከም ዝወስዱኻ ንኽገብሩ ወይ ድማ ኣቐዲምካ ናብ ገዛኻ ከም እትምለስ ንምሕባር ምስ ወለድኻ/ኣለይትኻ ርክብ ክገብር እዩ።
እንደገና ምስ ሓሸካ እውን፣ ከም ዝሓሸካ ንምሕባር ናብ መሓበሪ ክፍሊ ትሕብር።

## 11. ደንጒኻ ምምጻእ

ነፍስወከፍ መዓልቲ ኣብ ሰዓትካ ኣብ ክፍሊ ክትርከብ ኣለካ።
ከምዚ ኮይኑ እናሃለወ ደንጒኻ እንተድኣ መጺእካ፣ መምህር ነዚ ኣብ Somtoday ክምዝግቦ እዩ። ኣብተን ቀዳሞት ክልተ ግዜ መጠንቀቕታ ክትቕበል ኢኻ። እንተድኣ ብብዝሒ ደንጒኻ መጺእካ ድማ ናይ መቕጻዕቲ ስጉምቲ ክስዕብ እዩ። ስለዚ ድማ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ካብ ንቡር ንላዕሊ ግዜ ክትጸንሕ፣ ወይ ንብርክት ዝበሉ መዓልታት ዝያዳ ኣቐዲምካ ብምምጻእ ክትርከብ ኣለካ።

## 12. ካብ ክፍሊ ምስጓግ

እንተድኣ መምህር ካብ ክፍሊ ሰጊጉካ፣ ናብ መሓበሪ ክፍሊ ክትሕብር ኣለካ። ኣብኡ ሰብ ምስ ዘይጸንሓካ ድማ ናብ ኣወሃሃዲት ጉዳያት ተማሃሮ ወይ መራሒት ጨንፈር ትሕብር። ንዝተረፈ ናይቲ ትምህርቲ ክፍለ-ግዜ ብዝምልከት ዕማም ክወሃበካ እዩ። ኣብ መወዳእታ ናይቲ ትምህርቲ ብዛዕባ እቲ ምስጓግ ብዝምልከት ምስ መምህር ክትዘራረብ ኢኻ፣ ከምኡ እውን እንታይ ስጉምቲ ከም ዝውሰድ ክትሰምዕ ኢኻ።

## 13. ፍቓድ ብኩራት ምሕታት

ንፍሉይ ኣጋጣሚ ንኽትቦኩር ንኽፍቀደልካ ክትሓትት እንተድኣ ደሊኻ፣ ምስ ኣወሃሃዲት ደገፍ ወይዘሮ ካውት [Kuijt] በዚ ዝስዕብ ርክብ ክትገብር ትኽእል ኢኻ፡ kub@dr.nassaucollege.nl።

## 14. ግዴታ ትምህርቲ

ኣብ ኔዘርላንድ ካብ 5 ክሳብ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ቆልዑት ናይ ትምህርትን ብቕዓትን ጠለብ ከማልኡ ብሕጊ ግዴታ ኣለዎም።
ሓደ ተማሃራይ ብዘይ ፍቓድ እንተድኣ ቦኺሩ፣ ሜንቶር ወይ ኣወሃሃዲት ነቲ ተማሃራይ ምስ በዓል-መዚ ግዴታ ትምህርቲ ዝርርብ ንኽገብር ተመሓላልፎ።
ሓደ ተማሃራይ ኣብ ሰለስተ ተኸታተልቲ መዓልታት ወይ ኣብ ውሽጢ ኣርባዕተ ተኸታተልቲ ሳምንታት ንልዕሊ 16 ሰዓታት ትምህርቲ ብዘይ ፍቓድ እንተድኣ ቦኺሩ፣ እቲ በዓል-መዚ ግዴታ ትምህርቲ ስጉምቲ ክወስድ ይኽእል እዩ።

## 15. ዕረፍቲ

ኣብ እዋን ዕረፍቲ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ወይ ኣብ ቀጽሪ ቤት-ትምህርቲ ክትህሉው ኣለካ። ብሓባር ብምዃን ድማ ንቀጽሪ ቤት-ትምህርትን ንቤት-ትምህርትን ብጽሬት ንሕዞም። ጎሓፍ ኩሉ ግዜ ኣብ ናይ ጎሓፍ ገንኢ ክትድርብዮ ኣለካ።

## 16. መዓልታዊ ናብ ቤት-ትምህርቲ እትማልኦም ነገራት

መዓልታዊ ነዞም ዝስዕቡ ነገራት ሒዝካ ናብ ቤት-ትምህርቲ ክትመጽእ ኣለካ፡

- ናይ ብርዒታት ቦርሳ
- ብርዒ (ሰማያዊ ወይ ጸሊም ቀለም)
- እርሳስ
- መደምሰስ
- መጽረቢ እርሳስ
- መጕሊሒ ብርዒ (ሃይላይተር)
- መስመር
- ስሉስ ኩርናዕ መስመር ጂኦሜትሪ
- ተሰኳዒ መስምዒ-ድምጺ ወይ ሄድፎን
- ናይ ጂም ትምህርቲ ምስ ዝህልወካ፡ ናይ ጂም ክዳውንትን ናይ ስፖርት ጫማን
- መግብን ዝስተይን

## 17. ሕጋጋት ቤት-ትምህርቲ

- ናይ ቤት-ትምህርቲ ቦርሳኻን ናይ ትምህርቲ ናውትኻን ጥራይ ኢኻ ናብ መምሃሪ ክፍሊ ትወስድ። ሞባይል ቴሌፎናት ኣብ እዋን ትምህርቲ ኣብ ናይ ቴሌፎን ሆቴል ተቐምጠን።
- ምብላዕን ምስታይን ኣብ ቀጽሪ ቤት-ትምህርትን ኣብ መመገቢ ቦታን እዩ ዝፍቀድ። ጎሓፍ ፈላሊኻ ኣብ ናይ ጎሓፍ ገንኢ ትድርብዮ።
- ኣብ ቤት-ትምህርቲ ቺፕስ፣ ዕምባባ ማለት ፖፕኮርን፣ ዘርኢ ሱፍ ወይ ካልእ መግቢታት ጠዓሞት ምብላዕ ኣይፍቀድን እዩ። ኣብ ቤት-ትምህርቲ ይኹን ኣብቲ ቀጽሪ ጸዓት ዝህብ መስተ ማለት ኢነርጂ-ድሪንክ ምስታይ እውን ኣይፍቀድን እዩ።
- ኢ.ኤስ.ካ ካብ ምትካኽ ሽጋራ ነጻ እዩ። ሽጋራ ምትካኽ ኣብ ርእየት ናይቲ ቤት-ትምህርቲ ኣይፍቀድን እዩ።
- ረብሻ ዘይብሉ ትምህርቲ ንክወሃብ ምእንቲ ክኽእል፣ ኣብ እዋን ትምህርቲ ኣብ ኣዳራሽን መተሓላለፊ ኮሪደራትን ጸጥታ ክህሉው ኣለዎ።

## 18. ወርቃዊ ሕጊ

**ንኻልኦት ሰባት ልክዕ ብኸምቲ ንዓኻ ክግበረልካ እትደልዮ ኣተሓሕዛ ሓዞም።**

## ጥብቆ

ዝኸበርካ ተማሃራይ/ሪት፣
ኣብዚ ዓመተ-ትምህርቲ Somtoday ኣፕ ክትጥቀም ኢኻ! ብርግጽ ቀኍብ ምልምማድ የድልዮ እዩ። እቲ ኣፕ ብኸመይ ይሰርሕ? ብእኡ እንታይ ክትገብር ትኽእል? ከምኡ እውን ኣብኡ እንታይ ክትርእይ ትኽእል? ነዚ ምጥቃም ንኽትጅምር ኣብዚ ደብዳቤ ክንሕግዘካ ኢና።

### በቲ ኣፕ እንታይ ክትገብር ትኽእል?

በቲ ኣፕ፣ ኩሉ ግዜ ብልክዕ እንታይ ክትገብር ከም ዘለካ ክትፈልጥ ኢኻ። ኩሉ ኣገዳሲ ናይ ቤት ትምህርቲ ነገራት ድማ ኣብ ኢድካ ክህልወካ እዩ። ንኣብነት፡

- ምቹእን ጽፉፍን ናይ ስሌዳ-ግዜኻ መስመር
- ዕዮ-ገዛን መምርሒ መጽናዕትን
- መምሃሪ ንዋታት
- ነጥቢታት
- ናይ ባዕልኻ ኣዋድዳ፣ ከም በዓል ናይ ጸልማት ሞድ [dark mode] ወይ ናይ ዲስሌክስያ ዓይነት ፊደላት
- መልእኽትታት ናብ ምምህራንካ

### ነቲ ናይ ሞባይል ኣፕ ኣበይ ክትረኽቦ ትኽእል?

ነቲ ኣፕ ካብ ኣፕ ስቶር [Appstore]፣ ወይ ካብ ፕለይ ስቶር [Play Store] ናብ ስማርትፎንካ ከተውርዶ ትኽእል ኢኻ። ኣብኡ ዝርከብ ስሙ 'Somtoday Leerling en Ouder' ይበሃል።

ኣብቲ ናይ ተማሃራይ ኣፕ፣ ብናይ ቤት-ትምህርትኻ (ኢ-መይል) ኣካውንት ናይ ምእታው ኣማራጺ እውን ኣለካ። ነዚ ኣብዚ ታሕቲ ብሒደት ስጉምትታት ኣብሪህናዮ ኣለና፤

**ነቲ ሓድሽ ኣፕ ከፈቶ።**






ቤት-ትምህርትኻ (Dr. Nassau College) ምረጽ፣ ከምኡ እውን ኣብቲ “Volgende" ዝብል መጠወቒ ጠውቕ።
**ኣብቲ “Inloggen medewerkers en leerlingen NassauVincent” ዝብል መጠወቒ ጠውቕ።**

ኣብ ሳጹን ኢ-መይል ናይ ቤት-ትምህርትኻ፣ ናትካ ስም ተጠቃሚን ን Somtoday ዝኸውን ናይ ሓደ ግዜ ፓስዎርድን ዝሓዘ ኢ-መይል ክመጸካ እዩ። ኣብቲ ኢ-መይል ንዝርከቡ መምርሒታት ተኸተል፣ ከምኡ እውን ነዚ ፓስዎርድ ናብቲ ናብ ኢ-መይልካ/ላፕቶፕካ ንምእታው እውን እትጥቀመሉ ፓስዎርድ ቀይሮ።

## ምእታው እንተድኣ ዘይሰለጠካ' ኸ?

ሕቶ ምስ ዝህልወካ፣ ኣቶ ኹነ [Goené] ናይ ICT ንኽሕግዘካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።
ብዙሕ ናይ ተጠቃሚ ምቹእነት ንምነየልካ/ኪ!